# ንሓደስቲ ብድሆታት ብኣረጊት ኣገባብ ምግጣም

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
21.08.2005

ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ስርዓት ኢሳያስ፣ ኣብዞም ዝሓለፉ 15 ዓመታት፣ ኣደዳ ውግእን ህልቂትን፣ ምዝንባልን ስደትን፣ ማእሰርትን ድኽነትን ጥራሕ ኢዩ ኰይኑ። እቲ ህዝብና ንፍርቂ ክፍለ-ዘመን እተቓለሰሉ ዕላማታት ሰላምን ፍትሕን ማዕርነትን ናጽነትን ብልጽግናን ተጠሊሙ። ናይ ተስፋ ቊርጸትን መንፈስ ነጊሱ፥ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ነብሱ ዝነበሮ ርእሰ-ምትእምማን ከጥፍእ ተገዲዱ።

እዚ ኩሉ፣ ንሓድሽ ብድሆታት ወይ ንሓድሽ መድረኽ ብኣረጊት ኣገባብ ንምግጣም ስርዓት ኢሳያስ ዝገበሮ ፈተነ ዘምጽኦ መዘዝ ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ፣ ነቲ ድሕሪ ናጽነት እተኸስተ ናይ ሰላምን ፍትሕን ማዕርነትን ዲሞክራስን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ...ወዘተ ብድሆታት፣ በቲ ናይ ቅድመ-ናጽነት ኣገባብ ኢዩ ክገጥሞ ፈቲኑ። ንፖለቲካዊ ብዙሕነት፣ “ሓሸውየ ናይ ውድባት ኣየፍቅድን ኢየ” ብዝብል ናይ ሓደ ውልቀ-ሰብ ምልኪ፤ ንዶባዊ ምስሕሓባት ብውግእ፤ ንውሽጣዊ ተቓውሞታት ብቅንጸላን ማእሰርትን ክፈትሖን፤ ንዕምሪ ናይ ስልጣኑ ብከፋፊልካ ግዛእ ዝብል ናይ ገዛእቲ ኣረጊት ስልቲ ክናውሖን፤ ንቊጠባዊ ህይወት ኤርትራ ብሰልፉን ብመጋበርያታቱን ክብሕቶን ስለዝሃቀነ ኢዩ፣ ኤርትራ ኣብዚ ሕጂ እትርከበሉ ቅልውላው ክትንቔት ዝኸኣለት።

ከምኡ ውን፣ እቲ ንህዝቢ ኤርትራ ካብዚ በላዕ ሰብ ዝኾነ ስርዓት ሓራ ከውጽኡ ትጽቢት እተገብረሉ ደምበ ተቓውሞ፣ ንሓድሽ ብድሆታት ብኣረጊት ኣገባብ ኢዩ ክገጥሞ ዝርኤ ዘሎ። ሓደ ተቓዋሚ ውድብ፣ ናቱ ዕብየትን ልዕልነትን ዃልእ ተቓዋሚ ውድብ ብምድኻም ዘረጋግጾ ኰይኑ ኢዩ ክስምዖ ጸኒሑ። ስለዚ፣ ምስ ሓደ ተመሓዚኻ ኣንጻር ካልእ ተቓዋሚ ውድብ ምስራሕ፤ ጸኒሕካ፣ ነዚ ዝፈጠርካዮ ምሕዝነት ኣፍሪስካ ምስ ካልእ ምምሕዛው፣ ልሙድ ናይ ቃልሲ ኣገባብ ኰይኑ ኢዩ ክስርሓሉ ጸኒሑ። ከምኡ ውን፣ ኣብ ክንዲ ነቲ ዝሰፍሐ ካብ ውድባት ወጻኢ ዘሎ ዜጋ ንምኽሳብ ምጽዓር፣ ኣብቶም ድሮ ተወዲቦም ዘለዉ ኣባላት ምውድዳርን ምምንጫትን፥ ካብ ሓደ ገዛ፣ ናብቲ ካልእ ገዛ ከተግዕዞም ኢልካ ምሕላን ኢዩ ከም ዓብላሊ ኣተሓሳስባ ተወሲዱ ክስርሓሉ ጸኒሑ። እቲ ክግበር ዝግብኦ ግን፣ ኩሎም ተቓወምቲ ውድባት ዝሕይልሉ ኣገባባት ምንዳይን ነንሕድሕድካ ምድግጋፍን ኢዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ድማ፣ ምሕያል ናይ ውድባት ምሕያል ናይ ኪዳንን ምድኻም ናይ ስርዓት ኢሳያስን ማለት ስለዝኾነ።

ኣብ ርእሲዚ፣ ክንዮ ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ሰጊርና ክንሓስብን ክነማዕዱን እንተደኣኰይና ውን፣ 2 ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝኾኑ ሓያል ጽልዋ ዘለዎም ውድባት ወይ ሰልፍታት እንተደኣ ዘይሃልዮም፣ ድሕሪ

ውድቀት ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ክትከልን ክሕይልን ኢዩ ኢልካ ኣፍካ መሊእካ ክትዛረበሉ ዘይከኣል ጉዳይ ኢዩ። ዲሞክራሲ ኘክዕንብብ ነቲ ስልጣን ዝሕዝ ሰልፊ ወይ ልፍንቲ ዝወዳደሩ ሓያላት ፖለቲካዊ ሰልፍታትን፥ ንመሰላት ናይ ህዝቢ ዝጣበቑ ሱር ዝሰደዱ ሲቪካዊ ማሕበራትን ክህልዉ ይግባእ። እዚ ኣብ ዘይተረጋገጸሉ ኩነታት፡ ፈቲና ጸሊእና ምልኪ ናይ ሰልፊ ወይ ምልኪ ናይ ውልቀሰብ ክነግስ ግድን ክኸውን ኢዩ። ስለዚ፡ መለሳ ቆሎስ ጥጥቕ ከይኸውን ነገሩ፡ ካብ ሕጂ ኣትሒዝካ ክሕሰበሉ ዘለዎ ጉዳይ ምዃኑ ክዝንጋዕ የብሉን።

ኣብ ወረቐትን ኣብ መጋባእያታትን፡ ብዛዕባ ሓድነት ብዛዕባ ምኽባር ናይ ካልእ ርእይቶ፡ ብዛዕባ መሰረታዊ ናጽነታት፡ ብዛዕባ ግሉጽነት ምጽሓፍን ምዝራብን፤ ብግብሪ ግን፡ ኣንጻሩ ምስራሕ ከም ባህሊ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ኢዩ ተወሲዱ። ናብ ናይ ካልኦት ተቓወምቲ ውድባት ኣኼባታትትን ፈስቲቫላትን ኣይትሳተፉ ኢልካ ምልዕዓል ንገዛእ ርእሱ ምስ ናጽነት ናይ ድላዩኻ ምምራጽን፤ ምስቲ ናይ ካልእ ርእይቶ ምኽባርን ዝብል ኣምራት ዘይሳነ ተግባር ኢዩ። እዚ ኣተሓሳስባዚ፡ ካብቲ ኣብ ቀብሮም፡ መርዓኦም፡ ኣኼባታቶም ኣይትኺድዎም ዝብል ናይ ስርዓት ኢሳያስ ፈላላዪ ተግባራት ዝፍለየሉ ዋላ ሓንቲ ምኽንያት ውን የብሉን።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ውድብ ንዘጋጥሙ ጸገማትን ፍልልያትን ንምእላይ ክንጥቀመሉ እንርከብ ዘሎና ኣገባብ፡ ካብቲ ናይ ቀደም ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን። ምጽልላም፡ ምንጽጻል፡ ነንሓድሕድካ ምጥቅቓዕ፤ ከይዱ ከይዱ ድማ ብምፍንጫል ምዝዛም ዝኣመሰሉ ኣገባባት ኢዮም ከም መፍትሒ ናይ ግርጭታት ክንጥቀመሎም እንርአ ዘሎና። እዚ ካብ መዋእል ሓርነታዊ ውግእ ዝወረስናዮ ናይ ሓይልን ዓመጽን ምንጽጻግን ባህሊዚ፡ ምስ ዘሎናዮ ናይ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላት ምኽባርን ማዕርነትን ፍትሕን ...ወዘተ ዝጥለበሉ መድረኽ ዘይቃዶ ኣገባብ ኢዩ። ሕጂ ዝድለ ናይ ምጽውዋርን ሰላምን ልዝብን ባህሊ ምስፍሕፋሕ ኢዩ። ሕጂ ዝድለ፡ ንትካላዊ ኣሰራርሓ ንግዝኣተ-ሕግን ምምእዛዝ ኢዩ። ሕጂ ዝድለ፡ ንሓባራዊ ዕላማታትን ሓባራዊ ረብሓታት ምቕዳም ኢዩ። ዘይብሉ ክህብ ስለዘይኽእል፡ ሓደ ውድብ፡ ኣብ ውሽጡ ዲሞክራስያዊ ባህልታት ከየስረጸ፡ ንኻልኦት ዲሞክራሲ ክልግስ ፈጺምካ ዘይሕሰብ ኢዩ።

ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከም ሓድሽ ነዚ መድረኽዚ ንምግጣም ዘኽእል ኣገባብ ወይ መሳርሒ ክኸውን እንተደኣኮይኑ፤ ነዚ ጽላልዚ ከም ናይ ልዝብን ምርድዳእን፤ ከም ናይ ስኒትን ምውህሃድን፤ ከም ናይ ምግልላጽን ልብኻ ከሲትካ ምዝርራብን መድረኽ ክንጥቀመሉ ይግባእ። ካብዚ ሓሊፉ፡ ኪዳን ንውድባት ተኪኡ፡ ስራሕ ውድባት ንበይኑ ክዓምም ከምዘይክእል ምርዳእ ዕዙዝ ኣድላዪነት ኣለዎ።

ራእይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነቲ ጸልሚቱ ዘሎ ተስፋ፡ ህይወት ምስኳዕ፡ ንዝተመንዝዐ ክብርታትን መሰላትን ህዝቢ ምምላስ፡ ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ነብሱ ከምዝተኣማመን ዝገብር ለውጢ ምርግጋጽ ኢዩ።

ነዚ ዕላማታትዚ ንምርግጋጽ ግን፡ ንሓደስቲ ብድሆታት፡ ብሓድሽ ኣገባብ ክንምክቶም ከምዝግብኣና ድማ ይኣምን።

ብርእይቶና፡

1. ነቲ ጸረ ዲክትታቶርያዊ ስርዓት ዝካየድ ቃልሲ ቀዳምነት ምሃብ፤
2. ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባት ንምጽንባር ክጽዕሩ፡ ንምጽንባር ዘየኽእል መደብ ዕዮታት ዘለዎም ውድባት ድማ፡ ኣብቲ ዝሰማምዕሉ ነጥብታት ሓቢሮም ክሰርሑ፤
3. ኣትኲሮ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን ነቲ ዝሰፍሐ ካብ ውድባት ወጻኢ ዝርከብ ህዝቢ ንምኽሳብ ክኸውን፤
4. ናጻን ህዝባዊ ሰረት ዘለዎም ሲቪካውያን ማሕበራት ክምስረቱ ምትብባዕ፤ ምስቶም ድሮ ተመስሪቶም ዘለዉ ድማ ተዋሃሂድካ ምስራሕ፤
5. ደምበ ተቓውሞ ናይ ዞናውን ኣህጉራዊ ማዕከናት ዜናን፥ ናይ መንግስታውን ዘይመንግስታዊ ውድባትን ኣትኲሮ ከምዝስሕብ ንምግባር ምጽዓር፤
6. ኲሉ ናይ ርኽክብ መሳለጢታትን መራኸቢ ብዙሓንን ብምጥቃም፡ ውሽጣውን ግዳማውን ተቓውሞ ኣብ ሕድሕዱ ዝተኣሳሰረሉ ኩነታት ምፍጣር፤

...ወዘተ ዝብሉ ምስዚ ሓድሽ መድረኽ ዝሳነዩ ሓደስቲ ኣገባብ ናይ ቃልሲ ምጥቃምን ምሕያልን ጥራሕ ኢዩ ናብ ዓወት ከብጽሓና ዝኽእል ንብል።